ብሙሴ ኣብርሃ ጀርመን 28.09.2010

# መን'ዩ ጉጅለ ኣህጉራዊ ቅልውላው? (International Crisis Group)

ብሙሴ ኣብርሃ ጀርመን

ጉጅለ ኣህጉራዊ ቅልውላው(ICG) ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ብዛዕባ ኤርትራ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ: ምስሊ ኤርትራ ንምድዋን ኣብ ባይታ ዘየሎን ምስ ህሉው ኩነታት ዘይመዛዘንን: ኣብ ጠቀነን ጸለመን ዝተመርኮሰ ትሕዝቶኡ ሓቅነት ዘይብሉ ጽሑፍ ኣውጺኡ ኣሎ። እዚ ድማ መቀጸልታ ናይ'ቲ ንኤርትራ ዝገጥማ ዘሎ ግዳማዊ ተጻቦኣታት ም'ዃኑ ርዱእ እዩ።

*„ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ሽቶ ሚለኒዩም ዘተግብራ ዘለዋ ኣርባዕተ ሃገራት ኣፍሪቃ ክትከውን በቂዓ ኣላ“* ኣብ ዝበሃለሉ ዘሎ እዋን ንኤርትራ ከም ሓንቲ ክተበታተን ቀሪባ ዘላ ንጽልቲ ሃገር ኣምሲልካ መግለጺ ምውጻእ ዘስደምም ሕንቅል ሕንቅሊተይ እዩ።

ነዚ ሕቶ ሕንቅል ሕንቅሊተይ እዚ ንምምላስ ግን ድሕረ ባይታ ጉጅለ ኣህጉራዊ ቅልውላው(International Crisis Group) ምፍላጥ የድሊ።

## መን'ዩ ጉጅለ ኣህጉራዊ ቅልውላው? (International Crisis Group)

ጉጅለ ኣህጉራዊ ቅልውላው ኣብ 1995 ዝተመስረተ ዘይመንግስታውን ዘይሻራውን ናጻ ማሕበር እየ በሃልይ እዩ። መስረቱ ድማ ከም በዓል (Lord Malloch-Brown(UK), Morton Abramowitz(US) & Fred Cuny(US) ዝኣመሰሉ ኣብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ጽፍሕታት ከም ተመርራመርቲ: ኣማኸርቲ: ኣመሓደርቲ: ተንተንቲ ኣፍሪቃ: ኤስያ: ላቲን ኣመሪካ: … ወዘተ ኮይኖም ንረብሓ ምዕራብ ዝሰርሑ ዝነበሩን ዘለውን እዮም። ዓለምና ኣብ ቅልውላው ክትኣቱ ተራ ዝተጻወቱ ክንሶም ገንዘቦም ዝግሕጥሉ ቀድድ ብምርካብ ባዕሎም ዝፈጠርዎ ቅልውላው ኣብ ዕዳጋ ብምውራድ: ብስም ኣፍሪቃ: ኤስያን ላቲን ኣመሪካን ገንዘብ እንዳገሓጡ: ብመሰል ደቂ ኣዳም ዝጣልዑ ዘለዉ ኣገልገልቲ ሰብ ፍሉያት ረብሓ እዮም።

እዚ ማሕበር 'ዚ ናይ 15 ሚልዮን ዓመታዊ ባጀት ዘለዎ ኮይኑ: መወልቱ ድማ ናይ ምዕራብ መንግስታት: ውድባትን ፍሉይ ረብሓ ዘለዎም ውልቀ ሰባትን እዮም። ካብዚ ተበጊሱ ድማ ትእዛዛት መወልቱ ዝፍጽምን ንረብሓ ምዕራባዊ ዓለምና ዝሰርሕን ኢደ በይዛ ዝኾነ ማሕበር እዩ። ከም በዓል ዩኤስ ኣይድ(US Aid) ዝኣመሰላ መንግስታዊ ትካልት ኣመሪካ ድማ እተን ቀንዲ መወልቲ ናይዚ ማሕበር 'ዚ እየን።

እዚ ጉጅለ 'ዚ ብሎቢ ሰብ ፍሉያት ረብሓ ዝካየድ ትካል ስለዝኾነ: „ንዝገበረልካ ግበረሉ ወይ ድማ ንገረሉ“ ከምዝበሃል: እዚ ማሕበር 'ዚ ናይቶም ዝምውልዎ መንግስታትን ውድባትን ረብሓ እንተዘይሓልዩ: ክመጾ ዝኽእል ሳዕቤን ርዱእ 'ዩ።

„ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርሀ" ከምዝበሃል ብቕልውላው ዝነግድ ትካል ቅልውላው ክምስርሕ ግድን እዩ። ጉጅለ ኣህጉራዊ ቅልውላው ድማ ብቕልውላው ስለዝዋገ: ኣብ ዓለምና ቅልውላው ምስ ዝህሉን ዝቕጽልን ጥራይ'ዩ ህላውነቱ ቀጻልነት ዝህልዎ። ስለዚ ጉጅለ ቅልውላው ድልየት ናይቶም ብመንገዲ ኲናትን ዕግርግርን ረብሓኦም ከረጋግጹ ዝደልዩ ጎይቶቱ : ክሕልው ይግደድ እዩ።

ሓደ ካብቶም መወልትን ተገልገልትን ናይ'ዚ ጉጅለ'ዚ: ውድብ ሕቡራት ሃገራት እዩ። ላዕለዎት ኣካየድቲ ናይ'ዚ ጉጅለ ድማ ኣብ ው.ሕ.ሃ. ተሰማዕነት ዘለዎምን ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ናይ ው.ሕ.ሃ. ዝሰርሑን ዘገልገሉን እዮም። እንተ ንገንዘብ እንተ ንስልጣን ድማ ኣብ „ግበረለይ ክገብረልካ" ዝብል ዕላማ ተሞርኲሶም ነንሓድሕዶም ዝኮላለሱ ናይ ሓደ መኣዲ የዕሩኽ እዮም።

ሕጂ ድማ ኣብ ኒው-ዮርክ መበል 65 ኣኼባ ውድብ ሕቡራት ሃገራት(UN) ዝካየደሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ንኤርትራ ገንሸል ኣኼባ ው.ሕ.ሃ. ክገብርዋ ፈቲኖም። ንሓንቲ መዓልቲ 'ኳ ኤርትራ ነዛ ዓይኖም ርእዮማ ዘይፈልጡ: ብዛዕባ ኤርትራ ክትንትኑን ክፈርዱን ከኣ ተራእዮም። ስለምንታይ ዮም ግን ኣብ ግዜ ኣኼባ ኒው ዮርክ ብዛዕባ ኤርትራ ናይ ሓሶት መግለጺ ክትንትኑ መሪጾም? እዚ ኣብዚ ዓለም ነቒሓትሉ ዘላ ናይ መበል 21 ክፍለ ዘመን ንማንም ደላይ ሓቂ ዘደናግር ኣይኮነን። ጉጅለ ቅልውላው ግን ድልየት ናይቲ ብስርዓት ዋሽንግተን ዝጥምዘዝ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምፍጻምን ትንፋስ ጉጅለኦም ዘናውሕ ባጀት ንምርካብን ዝዓለመ ከምዝነበረ ርዱእ እዩ።

ከምቲ ሚኒስተር ዓሊ ዓብዱ ምስ ድምጺ ኣመሪካ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ ዘነጸሮ: „ኤርትራ ናይ ኲነት ሃገራዊ ጥዕንኣ ባጀላ ካብ ዝኾነ ይኹን ወገን ኣይሓተተትን: ብጹእነት ናጽነታን ሉዑላውነታን፣ ልምዓታን ዕብየታን፣ ሓድነታን ግስጋሰኣን፣ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ዝበረኸን ዝደልደለን ባይታ ኣላ" ዝበሎ። ንረብሓኦም ከገልግልኦም ኢሎም ባዕላቶም ዝተኸልዎን ከም ሕ.መ.ሃ.(UN) : ዩኤስ ኣይድ(US Aid): ኣምኒስት ኢንተርናሽናል(Amnist International): ሪፖርተራት ብዘይ ዶብ(Reporters without Borders) … ወዘተ ዝኣመሰላ ብጉልባብ ሻርነት ኣልቦ ዝንቀሳቐሳ ማሕበራትን ትካላትን ብዘካይድኦ ተጻብኦታት: ኤርትራ ካብ ትኸዶ ዘላ ቅኑዕ መንገዲ ዋላ ሓንቲ ስድሪ ትኹን ዘይትእለ: ኣብ ውሽጣ ናይ ገዛእ ርእሳ ብርሃን ኮሊዓ: ብሓድነት ህዝባ ትኸብርን ብርሃጽ ደቃ ትህነጽን: ዘላ ሃገር እያ።

መኸተና ቀጻሊ'ዩ
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና
ዓወት ንሓፋሽ!